# מוקד סיוע לעובדים זרים (ע״ר)

״וגר לא תונה ולא תלחצנו כי גרים הייתם בארץ מצרים״, שמות כ״ב, פסוק כ׳

# ኣብ እስራኤል ንዘለው ሓተትቲ-ዑቕባ ዝውሃብ ሓበሬታን መሰላትን

<u>ምስ'ዞም ዝስዕቡ ትካል ብምትሕብባር ተዳልዩ፡</u>

• ላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት ንስደተኛታት • ኣብ ዩኒቨርሲቲ ቴል ኣቪቭ ዝርከብ ክሊኒክ ሕጋዊ መሰላት ስደተኛታት • ሆትላይን ሰራሕተኛታት ስደተኛታት • ካቭ ላኦቨድ (Kav LaOved) • ኤ.ኣር.ዲ.ሲ. - ማእከል ምዕባለ ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት • ኣሳፍ - ንስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ዝውሃብ ስነ-ኣእምሮኣዊ-ማሕበራዊ ረድኤት • መሲላ - ኣብ ቴል ኣቪቭ ዝርከቡ ወጻእተኛታት ዝውሃብ ሓገዝን ሓበሬታን • ፒ.ኤች.ኣር - ሓካይም ንሰብኣዊ መሰላት

ታሕሳስ 2008

**ሆትላይን ሰራሕተኛታት ስደተኛታት**

"ንስኻትኩም ከኣ ኣብ ምድሪ ግብጺ ስደተኛታት ኔርኩም ኢኹም እሞ፡ ንስደተኛ ኣይትዓምጾ ወይ ኣይትጽቀጦ"- ዘጽኣት 22:21

רח׳ נחלת בנימין 75 ת״א 65154, טל. 03-5602530, פקס. 03-5605175
info@hotline.org.il, www.hotline.org.il

## ዝኸበርኩም ሓተትቲ ዑቕባ፡

ኣብዚ ንኡስ-መጽሓፍ'ዚ፡ ኣብ እስራኤል ኣብ እትህልውሉ ግዜ ዝሕግዘኩም ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም። ብሓፈሻ፡ ንዘለውኹም መሰላት፣ ነዞም መሰላት ንኽትፈልጥዎም ዝገብር እስትራተጂን ንዘለውኹም መሰላት ንኸይትፈልጡ ዝገብርኹም ፍሉያት ጸገማት ንኽትፈትሑ ክሕግዛኹም ናይ ዝኽእላ ዝርዝር ኣስማት ትካላትን ድማ ዘጠቓልል እዩ።

ሽሕ እኳ እስራኤል ነቲ ምስ ኩነታት ዑቕባ ስደተኛታት ዝተኣሳሰር ኣህጉራዊ ውዕል 1951 ዝኸተመትን ዘጽደቀትን ሃገር እንተኾነት፡ እስራኤል፡ ነቲ ከም ስደተኛታት መጠን ዘለኩም መሰላት ንምሕንጻጽ ወይ ዘለኩም ሕጋዊ ኩነታት ዑቕባ ንምክትታል ዘገድድ ሕጊ የብላን። እንተኾነ ግን፡ ኣብ እስራኤል ገለ መሰላት ኣለውኹም።

ኣብ እስራኤል ዘለዋ ሓያሎ ዘይመንግስታውያን ትካላት (NGOs)፡ ንሓተትቲ-ዑቕባ፡ ሓበሬታን ኣገልግሎታትን ይህባ እየን። እዚ ንኡስ-መጽሓፍ፡ ካብዘን ትካላት፣ ኣብ እስራኤል ካብ ዘሎ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት ንስደተኛታትን ብምምሕዳር ቴል ኣቪብ ካብ ዝቐመት ትካል ሰብኣዊ ድሕነት - መሲላ - ዝርከብ ሓበሬታ ዝሓዘ እዩ። እተን ንዕኡን ዝምልከት ሓበሬታ ዝህባ ነፍስወከፍ ትካላት ድማ ሓላፍነት ናይቲ ዝጽሓፎ ነገር ይስከማ።

እዚ ንኡስ-ጽሑፍ፡ ኣብ እስራኤል ንዝህልወኩም ሓዲሽ ህይወት ንኽትወዳድቡ ክሕግዘኩም ተስፋ ንገብር። ንሓተትቲ ዑቕባ ዝምልከት ፖሊሲ መንግስቲ እስራኤል ቀልጡፍ ዝኾነ ለውጢ የምጽእ ብምህላው፡ ፍሉይ ጸገማት ምስዝህልወኩም፡ ንዝምልከተን ትካላት ንኽትውክሱ ንምሕጸን። ምምሕያሽ ዝተገብረሉ ሓበሬታን ንዘለውኹም ጸገማት እትፈትሕሉ ዝበለጸ ምኽርን ንኽህባ ድማ ይኽእላ።

ምስ ብዙሕ ኣኽብሮት፡

ሆትላይን ኣባላት ሰራሕተኛታት ስደተኛታት

UNHCR
The UN Refugee Agency

# ላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት ንስደተኛታት (ዩ.ኤን.ኤች.ሲ.ኣር)፡ እንታይ ማለት እዩ?

ዩ.ኤን.ኤች.ሲ.ኣር፡ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ንስደተኛታት ማለት እዩ። ዕማሙ ድማ ኣህጉራዊ ጸግዒ ንስደተኛታት ምሃብ ከምኡውን ንኩነታት ስደተኛታት መፍትሒ ኣብ ምርካብ ሓገዝ ምሃብን እዩ። ላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት ንስደተኛታት፡ ንትግባረ ውዕል ስደተኛታት 1951 ድማ ዝከታተል እዩ። እዚ ውዕል'ዚ፡ ስደተኛ መን ምዃኑ ይገልጽ፡ ከምኡውን መከራ ከጋጥሞም ናብ ዝኽእል ቦታታት ንስደተኛታት ምምላስ ይቃወም።

ቤት ጽሕፈት ላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት ንስደተኛታት፡ ኣብ እስራኤል ኣብ ቴል ኣቪቭ ይርከብ። እዚ ቤት ጽሕፈት፡ ነቶም ኣብ እስራኤል ዑቕባ ንምርካብ ዝቐርቡ መመልከቲታት ኣብ ምምርማር ንመንግስቲ እስራኤል ይተሓጋገዝ፤ ኣብ እስራኤል ከም ስደተኛ ክቑጸር ዝግብኦ መን ምዃኑ ንምውሳን ዘድሊ ንጹርን ቅቡልን መስርሕ ኣብ ምህላው ድማ ንመንግስቲ ምኽሪ ይህብ።

## ኣብ ኤስራኤል ንዝግበር መስርሕ ዑቕባ ዝምልከት ሓበሬታ

### ካብ "መጥቃዕቲ" ጸግዒ ናይ ምርካብ መሰል

ውዕል ስደተኛታት 1951፡ ብሰንኪ ዘለዎም ዓሌት፣ ሃይማኖት፣ ዜግነት (ብሄር)፣ ኣባልነት ፍሉይ ማሕበራዊ ጉጅለ ወይ ፖሎቲካዊ ኣራኣእያ፡ ንሓተትቲ ዑቕባ ናብቲ ህይወቶም ወይ ናጽነቶም ዝግሃሰሉ ቦታ ምጥራዝ ይኽልክል። መትከል "ምክልኻል መጥቃዕቲ"፡ ዑቕባ ንምርካብ ተባሂሉ መመልከቲ ካብ ዝቐረበሉ ግዜ ጀሚሩ፡ ክሳዕ ብሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት ናይ መወዳእታ ውሳኔ ዝውሃብ ኣብ ግብሪ ክውዕል ይግባእ።

### ጸግዒ ንምርካብ ሕቶ ምቕራብ

ሓታቲ-ዑቕባ፡ ከም ስደተኛ መጠን ጸግዒ ንምርካብ ዝሓትት ዘሎ ሰብ እዩ። ነፍስወከፍ ሓታቲ-ዑቕባ፡ ኣብ ቴል ኣቪቭ ናብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት

ንሰደተኛታት ወይ ኣብ ሎድ ዝርከብ ማእከል መቐበሊ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ብኣካል ብምምጻእ፡ መመልከቲ ብጽሑፍ ከቕርብ ይግባእ። እዚ ድማ ብፋክስ ወይ ብጶስጣ ክግበር ይከኣል እዩ። መመልከቲ ምስቀረበ፡ ንነፍስወከፍ ኣመልካቲ ናይ ምዝገባ ቃለ-መጠይቕ ክግበረሉ እዩ። ሓታቲ-ዑቕባ ኣብ ማእሰርቲ እንተልዩ፡ እቲ ምዝገባ ኣብቲ ቦታ ማእሰርቲ ክግበር እዩ። እቲ ሓታቲ-ዑቕባ ኣብ እስራኤል ኣብ ዝበጽሓሉ ግዜ ዘይተኣሰረ ምስዝኸውን፡ እቲ ምዝገባ ኣብ ቴል ኣቪቭ ወይ ኣብ ሎድ ክካየድ እዩ። (ተወሳኺ ሓበሬታ ዝሓዘ ንኡስ-ጽሑፍ (ሊፍለት)፡ ካብ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት ንሰደተኛታት ክረክብ ይከኣል እዩ)።

እዚ ድማ ነቶም ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ወይ ዳኛታት ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽን ዝርከብዎም ዝምልከቶም ሰብ-መዚ ሓበሬታ ክህቡ ዝደልዩ ሓተትቲ-ዑቕባ፣ ኣብ እስራኤል ጸግዒ ክረኽቡ ዝደልዩ ዘለው ሰባትን ነቶም ንላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት ንሰደተኛታት ክውክሱ ዝደልዩ ሰባትን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ምስተገብረ ድማ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት ንሰደተኛታት፡ ብመንገዲ ዝምልከቶም ሰብ-መዚ ክሕበር እዩ፤ እቲ ንኩነታት ኣመልካቲ ኣመልኪቱ ውሳኔ ዘውህብ መስርሕ ድማ ይጅምር።

<u>ኣቐራርባ ሕቶ ዑቕባ</u>

ላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት ንሰደተኛታት ወይ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት፡ ከም ክፋል ውሳኔ ኩነታት ስደተኛታት (Refugee Status Determination (RSD)) ተባሂሉ ዝጽዋዕ መስርሕ፡ ነቶም ኣብ እስራኤል ዘለው ሓተትቲ-ዑቕባ፡ ቃለ-መጠይቕ የካይዱ እዮም። እዚ፡ ካብቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ናይ ምዝገባ ቃለ-መጠይቕ ንላዕሊ ዝርዝራት ዘለዎን ነዊሕ ግዜ ዝወስድን ቃለ-መጠይቕ እዩ። ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ማለት መብዛሕቱ ግዜ፡ እዞም ቃለ-መጠይቓት'ዚኦም፡ ብሓገዝ ኣስተርጎምቲ ብቛንቋ መበቆላዊ ሃገር ናይቲ ውልቀሰብ ዝካየዱ እዮም። ቃለ-መጠይቕ ኣብ ዝካየደሉ ግዜ፡ ሓተትቲ-ዑቕባ፡ ዝርዝር ጉዳያቶም ከምዘቕርቡ ይግበር፤ ንምንታይ ንሃገሮም ሓዲጎም ከምዝወጹ ዘለዎም ምኽንያታትን ንሃገሮም ክምለሱ እንተኾይኖም ድማ ከጋጥሞም ዝኽእል ጸገማትን ብዝርዝር ከምዘቕርቡ ይግበር።

እቲ ብሓታቲ-ዑቕባ ዝውሃብ ሓበሬታ፣ ብዛዕባ መበቆል ሃገር ናይ ሓታቲ-ዑቕባ ዝምልከት ዝእመን ሓበሬታን ነቲ ብሓታቲ-ዑቕባ ዝቐረብ ሕቶ ዑቕባ ዝግበር ትንተናን፡ "ሃገራዊ ኣካል ውሃቢ ዑቕባ" (“The National Status Granting Body” (NSGB)) ተባሂሉ ናብ ዝጽዋዕ መንግስታዊ ኮሚቴ ምኽሪ ከምዝመሓላለፉ ክግበር እዩ። እዚ ሃገራዊ ኣካል ወሃቢ ዑቕባ (NSGB)፡ ንነፍስወከፍ ሕቶ ዑቕባ በብውልቂ ይርኢ፤ ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት ውሳኔ ከውህቦ ዝኽእል ርይቶታት ድማ የቕርብ። ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት ወይ ድማ ብእኡ ዝተመዘዘ ሰብ፡ ንዝቐረበ መመልከቲ ክቕበል ወይ ክነጽግ እንኮ ስልጣን ኣለዎ።
ኣብ ግዜ ቃለ-መጠይቕ ዝውሃብ ፍሉይ ሓገዝ
ብምኽንያት ናይ ቋንቋ ጸገማት ወይ ብሰንኪ ሕሉፍ ተሞክሮ (ንኣብነት፡ ከቢድ በሰላ ዝሓደገ ጸገም)፡ እቲ ዘለዎም ታሪኽ ነቲ ቃለ-መጠይቕ ዘካይደሎም ሰብ ንኽካፍሉ ጸገማት

ዘለዎም ውልቀሰባት፡ ከምቲ ዝደለይዎ ቃለ-መጠይቕ ዘካይደሎም ወዲተባዕታይ ወይ ጓልኣንስተይቲ ንኽመርጹ ክሓቱ ይኽእሉ እዮም፤ እዚ ድማ ነቲ ሓታቲ-ዑቕባ ብዝያዳ ዝሰማምዖ ክኸውን ይግባእ። ካልእ ዝተፈልየ ጠለባት ዘለዎ ሓታቲ-ዑቕባ ድማ ኣብቲ ቃለ-መጠይቕ ዘድሊ ፍሉይ ምድላዋት ንኽግበር ክሓትት ይኽእል እዩ።

## ውሳኔ ዝተዋህበሉ ምኽንያታት መረዳእታ ምርካብ

ኣብ እስራኤል ዑቕባ ንምርካብ ዝቐረበ መመልከቲ፡ ብሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት ምስዝንጸግ፡ ዝተነጸገሉ ምኽንያታት ዝገልጽ ሰፊሕ ዝዝርዝሩ ደብዳቤ ንኣመልካቲ ክውሃብ እዩ። እቲ ኣመልካቲ፡ ኣብቲ ደብዳቤ ተጠቒሱ ኣብ ዘሎ ንውሓት-ግዜ ንእስራኤል ሓዲጉ ክወጽእ ወይ ድማ ኣንጻር እቲ ውሳኔ ይግባይ ክሓትት ይኽእል።

## ኣንጻር ኣሉታዊ ውሳኔ ዝሕተት ይግባይ

እቲ ዘቕረቦ መመልከቲ ዝተነጸጎ ሓታቲ-ዑቕባ፡ ይግባይ ንኽሓትት መሰል ኣለዎ። እቲ ሓታቲ-ዑቕባ ዘቕረቦ መመልከቲ ከምዝተነጸገ ዝሕብር ደብዳቤ፡ ብዛዕባ መሰርሕ ይግባይን እቲ ይግባይ ዝቐርበሉ ደረት ግዜን ዝምልከት ሓበሬታ ይሀብ። እቲ ሓታቲ-ዑቕባ ሓድሽ መርትዖ ዘቕርብ እንተዘይኮይኑ ወይ ድማ ውሳኔ ዑቕባ ስደተኛታት (RSD) ንምሃብ ኣብ ዝግበር ቃለ-መጠይቕ እቲ ጉዳይ ብንጹር ኣይተገልጸን ዝብል እንተዘይኮይኑ፡ ከም ልሙድ፡ እቲ ብጽሑፍ ክቐርብ ዘለዎ ይግባይ ዕዉት ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

## እቲ ዝቐረበ ይግባይ እናተመርመረ ከሎ ዝውሃብ ምንዋሕ ጸግዒ

ሓታቲ-ዑቕባ፡ እቲ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ዑቕባ ስደተኛታት (RSD) ክሳዕ ዝውሃብ ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ቀጻሊ ጸግዒ ንኽረክብ መሰል ኣለዎ፤ ኣብ እስራኤል ንኽቕመጥ ድማ ይፍቀደሉ እዩ።

## እቲ ዝቐረበ ይግባይ እንተተነጺጉ፡ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት ንስደተኛታት፡

ንኣመልካቲ ዝኸውን ሓገዝ ምሃብ ክቕጽል ኣይከኣልን እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ እቲ ኣመልካቲ፡ ኣብቲ ብሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት ዝተዋህበ ናይ ምንጻግ ደብዳቤ ተጠቒሱ ዘሎ ዕለት ንእስራኤል ሓዲጉ ክወጽእ ይግባእ። በዞም መምርሒታት ዘይከዱ ኣመልከትቲ ድማ ንኽጥረዙ ብሰብ-መዚ ኢሚግሬሽን ክእሰሩን ክቕየዱን እዮም።

## ማእሰርቲ ሓተትቲ-ዑቕባ

ኣብ እስራኤል ኣብ ዝበጽሕሉ ግዜ ዝተቐየዱ ሓተትቲ-ዑቕባ፡ ካብ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት፣ ብዓል-መዚ ማእሰርቲ እስራኤልን ዳኛታት ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽን ዝመጹ ሰበ-ስልጣናት መንግስቲ ከምዝረኽብዎም ይግበር እዩ። ጸግዒ ንምርካብ ሕቶ ብምቕራብ፡ እቲ መሰርሕ ምዝገባ ምስተወድአ፡ ካብ ቀይዲ ንምውጻእ ዘፍቅድ ውሳኔ ብሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ወይ ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽን ክውሃብ ይከኣል።

## ዘይሕጋዊ ህላወ

ኣብ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት ንስደተኛታት ወይ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ዝተመዝገቡ ሓተትቲ-ዑቕባ፡ ኣብ እስራኤል ብዘይሕጋዊ መንገዲ ይነብሩ ኣለው ብዝብል ክሲ ክቕየዱ ኣይግባእን። ኣብ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት ንስደተኛታት ወይ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ምዝጉብ ዘኾነ ሓታቲ-ዑቕባ፡ ኣብ እስራኤል ብዘይሕጋዊ መንገዲ ይነብር ኣሎ ብምባል እንተተቐይዱ፡ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት ንስደተኛታት ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ክሕበር ይግባእ።

ሓተትቲ-ዑቕባን ስደተኛታትን፡ ነታ ዝተቐበለቶም ሃገር ግዴታ ኣለዎም፤ ከምኡውን ንሕግታታን መምርሒታታን ድማ ክምእዘዙ ይግደዱ እዮም። እቶም ኣብ እስራኤል ገበናት ዝፍጽሙ ሓተትቲ-ዑቕባን ስደተኛታትን፡ ብመሰረት ሕግታት እስራኤል ይእሰሩን ይቕየዱን እዮም፤ ከምኡውን ላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት ንስደተኛታት፡ ኣብቲ ብሰንኪ ዝፈጸምዎ ገበን ዝተዋህብዎ ናይ ፍርዲ ግዜ ክሕግዞም ኣይክእልን እዩ።

## ኣብ እስራኤል ምስራሕ

ኣብ እስራኤል ንምስራሕ ዝውሃብ ፍቓድ፡ ሽዑ ንሽዑ ንሓተትቲ-ዑቕባ ኣይውሃብን እዩ። ብሓፈሻ፡ ነቶም ከቢድ ዝኾነ ናይ ዑቕባ ሕቶ ዘለዎም ሓተትቲ-ዑቕባ ተባሂሉ ብሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ዝውሃብ ፍቓድ ውሱን እዩ። ኣብቲ ከም ሓታቲ-ዑቕባ መጠን ዘካይዶ መስርሕ መመልከቲ ወይ ምዝገባ፡ ኣብ እስራኤል ንኽሰርሕ፡ ነቲ ሰብ'ቲ፡ 'ሽዑ ንሽዑ' መሰል ኣይህብን እዩ።

## ግዴታታት ሓተትቲ-ዑቕባ

ሓተትቲ-ዑቕባ፡ ምስ ኩሎም ሰብ-መዚ እስራኤልን ላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት ንስደተኛታትን ክትሓባበሩ ይግባእ። ሓተትቲ-ዑቕባ፡ ሰነዳት መንነት፣ ፓስፖርት፣ ቪዛን ፍቓድን ከምኡውን ንቃለ-መጠይቕ ዝዕድም ደብዳቤታት ዕድመ ዝርከቦ ሰነዳቶም፡ ኣብ ኩሉ እዋን፡ ምስኦም ክሕዝዎም ይግባእ። ኣብ ዝተሓተተሉ እዋን ሰነድ እንተዘይኣቕሪቦም፡ ብሰብ-መዚ እስራኤል ከምዝእሰሩ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።


## ዝርዝር ሓበሬታ መወከሲ

ኣድራሻ፡ 119 Hahashmonaim St., Second floor, Tel Aviv

ቁ. ተሌፎን፡ 03-5167700 | ቁ. ፋክስ፡ 03-5167800

ኣድራሻ ኢመይል፡ ISRTE@unhcr.org

The Refugee Rights Program
The Elga Cegla Clinical Legal Education Programs
The Buchmann Faculty Of Law

# ብዛዕባ ኩነታት ዑቕባ ዝምልከት

## ንሓታቲ ዑቕባ ዝኸውን መሰላትን ሓበሬታን

ነፍስወከፍ ሰብ፡ ዑቕባ ንኽሓትት መሰል ኣለዎ። ትርጉም 'ስደተኛ'፡ ምስ ኩነታት ስደተኛታት ምትእስሳር ኣብ ዘለዎ ኣህጉራዊ ውዕል - 1951 - ተዋሂቡ ይርከብ። እቲ ውዕል ድማ ከምዚ ይብል፥ ስደተኛ፡ "ብሰንኪ ዓሌት፣ ሃይማኖት፣ ዜግነት፣ ኣባልነት ሓደ ፍሉይ ማሕበራዊ ጉጅለ ወይ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ፡ መከራ ከጋጥመኒ'ዩ ዝብል ምኽንያታዊ ፍርሃት ዘለዎ፡ ከምኡውን ኣብ መበቆል ሃገሩ ዘይኮነት ወጻኢ ሃገር ዘሎ፡ ብተወሳኺ'ውን ናይታ ሃገሩ ጸግዒ ንኽረክብ ፍቓደኛ ዘይኮነ" ... ሰብ እዩ።

እስራኤል፡ ውዕል ስደተኛታት ዝኸተመት ስለዝኾነት፡ ጠለባት ዑቕባ ናብ በዓል-ስልጣናት እስራኤል ክቐርቡ ይኽእሉ እዮም። እቶም ሕቶታት ዑቕባ፡ ናብቲ ንኣመልከትቲ ቃለ-መጠይቕ ዝገብረሎምን ብዛዕብኦም ርእይቶ ዝህብን ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ይቐርቡ። እቲ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ድማ ብሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ይውሃብ። እስራኤል፡ ብሰንኪ እቲ ኣብ ሃገሮም ዘሎ ኩነታት ውሕስነት ብዘለዎ መንገዲ ክምለሱ ዘይክእሉ እንተኾይኖም፡ እስራኤል፡ ነቶም ብመሰረት ውዕል ስደተኛታት ከም ስደተኛታት ተቐባልነት ዘይረኸቡ ሰባት ድማ ሓደ ሓደ ግዜ ጸግዒ ትህብ እያ።

<u>ኩሎም ኣመልከትቲ፡ እዞም ስዒቦም ዘለው መሰረታውያን መሰላት ይረኽቡ፥</u>

- ሕቶ ዑቕባ ኣብ ዝቐርበሉ ግዜ፡ ኣመልካቲ፡ ንዘቕረቦ ሕቶ ይድግፍ'ዩ ኢሉ ዝሓስቦ ኩሉ መርትዖ ብሓባር ምቕራብ፤ እቲ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘሎ ሰብ፡ ሕቶ ዑቕባ ናብ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ውዱብ ሕቡራት ድማ ከቕርብ ይኽእል እዩ።
- እቲ ዝቐረበ ዑቕባ መርመራ እናተኻየደሉ ከሎ፡ ጥርዝያ ንኸየጋጥሞ ጸግዒ ምርካብ፤ ብመሰረት ነቶም ኣብ እስራኤል መስርሕ ዘካይዱ ዘለው ሓተትቲ ዑቕባ ዝግበረሎም ኣገባብ ክትትል፡ ሓታቲ ዑቕባ ዘቕረቦ ሕቶ ዑቕባ እናተጻረየ ከሎ ናይ ስራሕ ፍቓድ

ንኽውሃብ መሰል ኣለዎ።

- ምስ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ውዱብ ሕቡራት ሃገራትን በዓል-ስልጣናት እስራኤልን ኣብ ዝግበር ርክባት፡ ብመንገዲ ጠበቓ ውክልና ክረክብ፤
- ኣብቲ ምስ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ዝግበር ቃለ-መጠይቕ፡ ብናቱ ቋንቋ ክግበረሉ፤ እተን ብደቂኣንስትዮ ቃለ-መጠይቕ ክግበረለን ዝደልያ ደቂኣንስትዮ፡ ከምኡ ክግበረለን ክሓታ ይኽእላ እየን፤ ከምኡውን እቶም ትሕተ-ዕድመ ዝኾኑ ድማ እቲ ቃለ-መጠይቕ ብመሰረት እቲ ፍሉይ ጠለባቶም ንኽዳሎ ክሓቱ ይኽእሉ እዮም፤
- እቲ ዝቐረበ ሕቶ ዑቕባ እንተተነጺጉ፡ እቲ ኣመልካቲ፡ ዝተነጽገሉ ዝርዝር ምኽንያታት ንኽቕበል መሰል ኣለዎ፤
- ኣንጻር እቲ ዝተነጸገ ሕቶ ዑቕባ፡ ይግባይ ከቕርብን እቲ መስርሕ ይግባይ እናተራእየ ከሎ ድማ ኣብ እስራኤል ክቕመጥን፤
- ዋላውን እቲ ዝቐረበ ሕቶ ዑቕባ እንተተነጸገ፡ ብመሰረት ሰብኣዊ ቅልውላው (ኩነታት) ኣብ እስራኤል ንኽቕመጥ ሕቶ ከቕርብ ይኽእል፣

ፕሮግራም መሰላት ስደተኛታት፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ቴል ኣቪብ ዝርከብ ጨንፈር ትምህርቲ ሕጊ ኮይኑ ይሰርሕ፤ ንሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ድማ ናጻ ዝኾነ ሕጋዊ ሓገዝ ይህብ። ኣብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ፡ ንኣብነት  ምውጻእ ካብ ማእሰርቲ፣ ምቕራብ ሕቶ ዑቕባ፣ ኣንጻር ናይቲ ዝተነጸገ ሕቶ ዑቕባ ይግባይ ምቕራብ፣ ምትእኽኻብ ቤተሰብ፡ ከምኡውን ስደተኛታት ኣብ እስራኤል እናተቐመጡ ከለው ንዘጋጥምዎም ካልኦት ዝተፈላለዩ ጸገማት ብምምልካት ሓገዝ ንህብ።

ፕሮግራም መሰላት ስደተኛታት፡ ብተሌፎን 03-6405264፣ 03-6406772፡ ብፋክስ ድማ 03-6407422 ክርከቡ ይኽእሉ እዮም። እቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝተኣሰሩ ሰባት ድማ ንዓና ንምርካብ ንሆትላይን ሰራሕተኛታት ስደተኛታት ክሓቱ ይኽእሉ እዮም፥ ንሕና ድማ ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ መጺእና ክንረኽቦም ኢና። ኣቐዲምና ቆጸራ ከይሓዝናልኩም፡ ናብ ኣብያተ-ጽሕፈትና ንኽትመጹ ኣይክንሓተኩምን ኢና። ነቲ እንቕበሎ ኩሉ ሕቶታት ብሓንሳእ ክንከታተሎ ብዘይምኽኣልና፡ ኣቐዲምና ይቕሬታ ንሓትት።

מוקד סיוע לעובדים זרים (ע"ר)

**Hotline for Migrant Workers**

<u>ሆትላይን ሰራሕተኛታት ስደተኛታት</u>

"ንስኻትኩም ከኣ ኣብ ምድሪ ግብጺ ስደተኛታት ኔርኩም ኢኹም እሞ፡ ንስደተኛ ኣይትዓምጽ ወይ ኣይትጽቀጦ።"

(ዘጽኣት 22።21)

# ኣብ ቀይጺ ንዘለው ሓተትቲ ዑቕባ ዝኸውን ሓበሬታን መሰላትን

<u>ሆትላይን ሰራሕተኛታት ስደተኛታት (HMW)፡ መሰላት ሰራሕተኛታት ስደተኛታት፣</u> ግዳያት ዘይሕጋዊ ምስግጋርን ንግድን ሰብ ከምኡውን ስደተኛታት ንምሕላው ዝሰርሕ ዘይመንግስታዊ ትካል ሰብኣዊ መሰላት እዩ። ንጥፈታት ሆትላይን ሰራሕተኛታት ስደተኛታት፡ ብዛዕባ መሰላት፣ ኣገልግሎት ሕጋዊ ምኽርን ውክልናን ዝምልከት ሓበሬታ ምሃብ፡ ህዝባዊ ንቕሓት ከምዝውሰኽ ምግባርን ፖሊሲ ኢሚግሬሽን ምሕያልን የጠቓልል። ነቶም ተቐይዶም ዘለው ሰባት ንምሕጋዝ ድማ ዘተኮርና ኢና።

<u>ሕጊ ምእታው ናብ እስራኤል፡</u> ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ብዘይሕጋዊ መንገዲ ይቕመጥ ኣሎ ተባሂሉ ንዝተጠርጠረ ሰብ ንኽቕየድ የፍቅድ እዩ። ዑቕባ ክትሓቱ ትደልዩ እንተሊኹም፡ ሕቶ ዑቕባ ንኸተቕርቡ፡ ኣብ እስራኤል ናብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት ንስደተኛታት ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ክትውከሱ ኣገዳሲ እዩ። ብዝኾነ ምኽንያት ምስትእሰሩ ድማ እዞም ዝሰዕቡ መሰላት ይህልውኹም፥

<u>ኣብ ግዜ ማእሰርቲ ዘለውኹም መሰላት፥</u>

- ፖሊስ፡ ፍተሻ ንኽገብሩ ዘፍቅድ ፍቓድ ፍተሻ ዝተዋህቦም እንተዘይኮይኑ፡ ናብ ገዛኹም ክኣትው መሰል የብሎምን። ኦፊሰራት ፖሊስ፡ እቲ ዝተዋህቦም ፍቓድ ኣብቲ ገዛ'ቲ ንዝቕመጡ ሰባት ክህቡ ይግባእ። እቲ ዝተዋህበ ትእዛዝ፡ በቲ ዝርድኣኩም ቋንቋ ዝተጻሕፈ ክኸውን ይግባእ፤ ንጹር ኣድራሻ ገዛኹም ዘለዎ ድማ ክኸውን ይግባእ።
- ክኣስርኹም ከለው ድማ ዝኾነ ጉነጽ ክፍጸሙ ኣይግባእን። ንማእሰርቲ እንተተድኣ ተቓዊምኩም፡ ኦፊሰር ፖሊስ፡ ንዓኹም ንምእሳር ቅቡል ዝኾነ ሓይሊ ክጥቀም ይኽእል እዩ።

- ብዛዕባ ማእሰርትኹም ዝምልከት ንኽትሕብሩ ናይ ተሌፎን ጻውዒት ንኽትገብሩ መሰል ኣለኩም።

<u>ማእሰርቲ ምምሕዳርን ኣገባብ ምውጻእ ካብ ማእሰርትን</u>

- ኦፊሰር ምክትታል ዶብ፥ ምስተኣሰርኩም ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ክንዲ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ኮይኑ ጉዳያት ዝሰምዕ ኦፊሰር ምክትታል ዶብ ከምእትቐርቡ ክግበር እዩ። እዚ ኦፊሰር፡ ንጉዳይኩም ክምርምር ይግባእ፤ ከምኡውን ትእዛዝ ምጥራዝን ቀይድን ክህብ ስልጣን ኣለዎ። ከምኡውን ካብ ቀይዲ ንኽውጽኣኩም፡ ስልጣን ኣለዎ።
- ቤት ፍርዲ ምምሕዳር፥ ድሕሪ ማእሰርትኹም፡ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ፡ ማለት ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ መዓልታት፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኮይኑ ዝሰርሕ ቤት ፍርዲ ምምሕዳር ክትቐርቡ ይግባእ። እዚ ቤት ፍርዲ'ዚ ድማ ንዓኹም ዘእስር ውሳኔ ይህብ፡ ከምኡውን ካብ ቀይዲ ንኽውጽኣኩም ስልጣን ዘለዎ እዩ።

<u>ኣንጻርኩም ትእዛዝ ምጥራዝ ምስዝውሃብ፡ ብቋንቋኹም ዝተዳለወ ቅዳሕ ንኽትረኽቡ መሰል ኣለኩም።</u>

- ትእዛዝ ምጥራዝ ድሕሪ ምሃቡ ኣብ ዘሎ 72 ሰዓታት፡ ኣንጻር እቲ ትእዛዝ ይግባይ ክትሓቱ መሰል ኣለኩም። ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ንዘለኩም ጠለባት (ሕቶታት) ንኦፊሰር ምቁጽጻር ዶብ ከተቕርቡ ትኽእሉ።
- ቅድሚ ምእሳርኩም ዑቕባ ሓቲትኩም እንተድኣ ነይርኩም፡ ከምኡውን ነዚ ዘረጋግጽ ሰነዳት (ካብ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት ንስደተኛታት ወይ ካብ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት) ምሳኹም ሒዝክምዎም እንተድኣ ኣለኹም፡ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ፡ ነቲ ዝኣሰረኩም ኦፊሰር፣ ኦፊሰር ምክትታል ዶብን ቤት ፍርዲ ምምሕዳርን ክትሕብሩ ኣገዳሲ እዩ።
- ሕቶ ዑቕባ ንኸተቕርቡ እንተደሊኹም፡ እሞ ኸኣ ብዝኾነ ምኽንያት ቅድሚ ማእሰርትኹም ንላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት ንስደተኛታት ዘይተወከስኩም እንተኼንኩም፡ ናብ መበቆል ሃገርኩም ንኽትምለሱ ፍርሃት ከምዘለኩም፡ ነቲ እትረኽብዎ በዓል-ስልጣን (ፖሊስ / ኦፊሰር ምክትታል ዶብ/ ቤት ፍርዲ/ በዓል ስልጣን ቤት ማእሰርቲ፡ ወዘተ) ኣብ ዝኾነ ግዜ ክትገልጹ ትኽእሉ ኢኹም።
- ሓተትቲ-ዑቕባ፡ ጉዳዮም እናተመርመረ ከሎ፡ ካብ እስራኤል ክጥረዙ የብሎም። ኣብ

<u>ግዜ ቀይዲ፡ እዞም ዝሰዕቡ መሰላት ኣለውኹም፥</u>

- ብቑዕ ኣገልግሎት ተሌፎን ምርካብ
- ንወኪላት ላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት ንስደተኛታት፣ ጠበቓን ኣባላት ሆትላይን ሰራሕተኛታት ስደተኛታት ዝኾኑ ወለንተኛታትን ምርካብ
- መዓልታዊ ሰለስተ ማእዛዊ መግብታት፤ ከም ሳሙና፣ ሻምፑን ሳሙና-ስኒን ዝኣመሰሉ

መጸራረዪ ኣቑሑ፤ ምስ ክሊማ ዝኸይድ ኣድላዪ ክዳውንቲ (እንተዘይብልኩም)፤ ከምኡውን ኮቦርታታት ምርካብ

- ከም ኣድላይነቱ ሕክምናዊ ክንክን ምርካብ
- እስራኤላውያን እሱራት ገበን ኣብ ዘይእሰርሉ ፍሉይ ቦታ ከምእትሰሩ ምግባር
- እንተዋሓደ ሓደ ሰዓት ኣብ መዓልቲ ካብ ክፍሊ ማእሰርቲ (ካሜራ) ናብ ደገ ማለት ናብ ቀጽሪ ቤት ማእሰርቲ ንኽትወጹ ፍቓድ ምርካብ
- ካብ ማእሰርቲ ኣብ ዝወጻእክሙሉ እዋን ድማ ውልቃዊ ንብረትኩምን ሰነዳትኩምን ከምእትረኽቡ ምግባር

<u>ኩነታት ምውጻእ ካብ ማእሰርቲ</u>

- ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝርከቡ ኦፊሰር ምክትታል ዶብን ቤት ፍርዲ ምምሕዳርን፡ ሓደ ካብዞም ዝሰዕቡ ካብ ማእሰርቲ ናይ ምውጻእ ኩነታት ከምዘማላእኩም እንተኣሚኖም፡ ንዓኹም ንምውጻእ ስልጣን ኣለዎም፥
- ፍቓድ ተዋሂብኩም ኣብ እስራኤል እናነበርኩም ከለኹም፡ ብዘይሕጋዊ መንገዲ እንተተኣሲርኩም።
- መልሲ ካብ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት እትጽበዩ ዘለኹም ሓተትቲ-ዑቕባ ምስትኾኑ።
- ብጌጋ ወይ ጉድለትኩም ብዘይኮነ ምኽንያት፡ ኣብ እስራኤል ብዘይሕጋዊ መንገዲ ትቕመጡ ሃልይኹም፡ በቲ ዝተወሰነ ዕለት ንእስራኤል ሓዲግኩም ክትወጹ እንተድኣ ኴንኩም።
- በቲ ዝተወሰነልኩም ዕለት ባዕልኹም ንእስራኤል ሓዲግኩም ትወጹ፡ እንተዘይወጺኹም ድማ ኣበይ ከምዘለኹም ክትድለዩ ይከኣል።
- እቲ ቀይዲ ንጥዕናኹም ዝጐድእ እንተኾይኑ።
- ንኽትፍትሑ ዘኽእለኩም ፍሉይ ዝኾነ ሰብኣዊ ምኽንያታት እንተልዮም።
- ብሰንኪ ምቕያድኩም፡ ኣብ ትሕቴኹም ዝእለ ትሕተ-ዕድመ ብዘይ ክትትል ንበይኑ ዝተርፍ እንተድኣ ኮይኑ።
- ንልዕሊ 60 ተኸታተልቲ መዓልታት ኣብ ቀይዲ እንተድኣ ተታሒዝኩም።

ምስ ሰብ-መዚ ንኽትተሓባበሩ፡ ከምኡውን ኣብ ጸጥታ ወይ ጥዕና መነባብሮ ህዝቢ ሓደጋ ንኽይተምጽኡ ተባሂሉ እዞም ኩነታት'ዚኦም ተዋሂቦም ኣለው።

<u>ሓደ ካብዞም መሰላት'ዚኦም ከምዝተጣሕሰ ትኣምኑ እንተድኣ ኮይንኩም፡ ብኽብረትኩም ተወከሱና።</u> ኣባላት ሆትላይን ሰራሕተኛታት ስደተኛታት ዝኾኑ ወለንተኛታት፡ ነዚ ዝሰዕብ ይሰርሑ፥

- ናይ ዝተኣሰሩ ሓተትቲ ዑቕባ መሰላት ምሕላው
- ንሓተትቲ ዑቕባን ቤተሰቦምን ካብ ቀይዲ ንኽወጹ ምስላጥ
- ኣብ ኣብያተ-ማእሰርትን ካልእ ቦታታትን ዘለው ኣዝማድን ፈለጥቶምን ከምዝረኽብዎም ምግባር

ኣብ መንጎ ዝተቐየዱ ሓተትቲ ዑቕባን ወኪላት ላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት
ንስደተኛታት ከምኡውን ንሓተትቲ ዑቕባ ዝኾኑ ኣገልግሎታት ዝህባ ካልኦት ትካላትን
ርክባት ምፍጣር
ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ገለ ግዝያት ድማ ሆትላይን ሰራሕተኛታት ስደተኛታት፣ ሕጋዊ
ኣገልግሎት ምኽርን ውክልናን ይህቡ እዮም

እቶም ዘለውና ወለንተኛታት፣ ኣብ ሰሙን ንሓያሎ ግዝያት ናብ ቤት ማእሰርቲ ማኣሲያሁ (Ma'asiyahu Prison) ይበጽሑ፤ ከምኡውን ሓንሳእ ኣብ ሰሙን ወይ ክልተ ሳምንታት ድማ ንካልኦት ኣባያተ-ማእሰርቲ ይበጽሑ። እዚኦም ድማ ብዘለዎም ካርድታት መደወሊ ወይ ኣርማ ሆትላይን ሰራሕተኛታት ስደተኛታት ብዘለዎ ማልያታቶም ክፍለጡ ይኽእሉ። ንሆትላይን ሰራሕተኛታት ስደተኛታት ድማ ብተሌፎን፣ 03-5602530 ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ 75 Nahalat Binyamin St. in Tel Aviv ዝርከቡ ኣብያተ-ጽሕፈትና፣ ካብ ሰንበት ክሳብ ሓሙስ፣ ካብ ሰዓት 09፡00 - 17፡00 ክፉታት እዮም።
ዘለውኹም መሰላት ንኽትፈልጡ ክንሕግዘኩም ንደሊ። እቶም እንህቦም ኣገልግሎታት ድማ ብዘይክፍሊት ብናጻ እዮም።

# ሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን፡ ኣብ ዓውዲ ስራሕ ንዘለዎም መሰላት ዝምልከት ሓበሬታ

Kav LaOved (መስመር ተሌፎን (ሆትላይን) ሰራሕተኛታት)፡ ነቶም ምስ ስራሕ ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ዘተኮረ ሕጋዊ ምኽርን ደገፍን ብትሑት ዋጋ ዝህብ ረብሓ-ዘይብሉ ማሕበር እዩ። እዚ ሓገዝ'ዚ፡ ስደተኛታት ሰራሕተኛታት፣ ሓተትቲ ዑቕባን ኣብ እስራኤል ዝሰርሑ ስደተኛታትን ንዝርከብዎም ሰራሕተኛታት ዝውሃብ እዩ።

ምስ ስራሕን ደሞዝን ዝተኣሳሰሩ ጸገማት ዘጋጠሞም ሓተትቲ ዑቕባ፡ ኩሉ ግዜ ሓሙስ ካብ ሰዓት 17:00 ክሳብ 20:00 ኣብ 17 Y.L. Peretz Street፡ Tel Aviv ናብ ዝርከቡ ኣብያተ-ጽሕፈትና (ጥቓ ናይ ቀደም ማእከላይ መደበር ኣውቶቡስ) ብኣካል ክመጹ ዕዱማት እዮም። ሰነድ መንነትኩም ከምኡውን ነቶም ኣብ ኢድኩም ዘለው ምስ ስራሕ ዝተኣሳሰሩ ኩሎም ወረቓቕቲ (ካርድ ስራሕ፣ ቅብሊት ደሞዝ፣ ስምን ኣድራሻን ኣሰራሒ ዝገልጽ ካርዲ (ቢዝነስ ካርድ)፣ ዘለኩም ጽሑፋት፡ ወዘተ)፡ ብኽብረትኩም ሒዝክምዎም ምጹ።

## ንስራሕን ደሞዝን ዝምልከት ሓጸርቲ ምኽርታት

### ሓድሽ ስራሕ ኣብ ዝጀመርክሙሉ ግዜ፥

1. ነቲ ክህበኩም ዝተሰማማዕክሙሉ ደሞዝን ኩነታት ስራሕን ዝገልጽ ናይ ጽሑፍ ሰነድ ንኽህበኩም ንኣሰራሒኹም ሕተቱ
2. ብዛዕባ ዘለኩም ቦታ ስራሕ ዝምልከት እኹል ሓበሬታ ጽሓፉ። ንኣብነት፡ ኣብ ቤት መግቢ ስራሕ እንተጀሚርኩም፡ ስም ናይቲ ቤት መግቢ፣ ምሉእ ስም (ስምን ስም እቦን) ሓላፊ፣ ምሉእ ስም ናብቲ ቤት መግቢ ናይ ዝሰደደኩም ቆጻሪ ሰራሕተኛታት፣ ኣድራሻ ቤት መግብን ኣድራሻ ትካል ምቁጻር ሰራሕተኛታትን ጽሓፉ። እንተተኻኢሉ፡ ስምን ስራሕን ዝገልጽ ካርድ (ቢዝነስ ካርድ) ናይ ሓለፍቲ ሕተቱ።
3. ስራሕ ቅድሚ ምጅማርኩም፡ እቲ ደሞዝ ንኽኸፍል ሓላፍነት ዝተሰከመ ሰብ መን ምዃኑ ፍለጥዎ፡ ከምኡውን ብዛዕባ ኣገባብ ክፍሊት ተሰማምዑ።
4. እቶም ብቑዕ ፓስፖርት ዘይብሎም ስደተኛታትን እቶም ስእሎም ዘለዎ ካብ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ዝውሃብ ብቑዕ ፓስፖርት ወይ ሰነድ ዑቕባ ዘይብሎም ሱዳናውያን

ስደተኛታትን፡ ሕሳብ ባንኪ ኣብ እስራኤል ንኽኸፍቱ ኣይክእሉን እዮም። ሕሳብ ባንኪ ክትከፍቱ ዘይትኽእሉ እንተ ኼንኩም፡ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ንኣስራሒኹም ብግልጺ ክትሕብሩ ይግባእ፡ ከምኡውን ብመልክዕ ጥረ-ገንዘብ ወርሓዊ ክትክፈሉ ከምእትደልዩ ድማ ጸቒጥኩም ንገርዎ። እንተተኻኢሉ፡ ብዛዕባ'ዚ ስምምዕ'ዚ ኣብቲ ንደሞዝኩምን ኩነታት ስራሕኩምን ዝገልጽ ሰነድ መታን ክጠቕሶ ንኣስራሒኹም ሕተቱ።

5. ኣብ ክንዲ ብቶጸርቲ ሰራሕተኛታት፡ ባዕልኹም ወይ ብመንገዲ ኣዕሩኽኩም፡ ስራሕ ንኽትረኽቡ ፈትኑ። መብዛሕቱ ጸገማት፡ ቶጸርቲ ሰራሕተኛታት፡ ደሞዝ ካብ ዘይምኽፋሎም ዝመጽእ ምኳኑ፡ ተሞክሮና ይምስክር።

## ስራሕ ኣብ እትሰርሕሉ ግዜ፥

1. ዋላውን ኣብ ናይ ስራሕ ቦታኹም መቆጻጸሪ ሰዓት እንተሃለወ፡ ኣብ ነፍስወከፍ መዓልቲ፡ መዓስ ከምዝጀመርኩምን ከምዝወዳእኩምን ዝገልጽ መዘኻኸሪ ኣብ መዝገብ-ዕለት ወይ ጥራዝ ብመልክዕ ጽሑፍ ሓዙ። ነቲ ኣብ ነፍስወከፍ ወርሒ እትኽፈልዎ ዓቐን ገንዘብን መዓስ ዕለት ከምዝተቐበልኩምዎን ክትጽሕፉ ይግባእ። ተወሳኺ ክፍሊት (ወጻኢታት መጉዓዝያ፣ ብኣከፋፍላ ዝኽፈል ገንዘብ (downpayments)፣ ዕዳ) እንተተቐቢልኩም ድማ መዝግብዎ።
2. ቅዳሕ ናይቲ ንኣስራሒኹም እተቕርብዎ ጸብጻብ ሰዓታት ስራሕ ሓዙ። ቅብሊት ደሞዝ ምስተቐበልኩም፡ ኣብ ውሑስ ቦታ ዓቅብዎ።
3. መዘኻኸሪ፥ ናብን ካብን ስራሕ እትጉዓዝሉ ግዜን ንዕረፍቲ እተጥፍእዎ ግዜን፡ ምስቲ ንደሞዝ እትኽፈልዎ ሰዓታት ስራሕ ኣይቁጸሩን እዮም።

## ስራሕ ኣብ እትገድፍሉ ግዜ፥

1. ስራሕኩም ክትገድፍዎ እንተደሊኹም፡ ንኣስራሒኹም ኣቐዲምኩም ንኽትሕብሩ ንምሕጸነኩም። ሰራሕተኛ፡ ስራሕ ቅድሚ ምግዳፉ ኣቐዲሙ ምልክታ ክህብ ይግባእ። ሰራሕተኛ፡ ምልክታ ከይሃበ ስራሕ እንተገድፍዎ፡ ኣስራሒ፡ ብመሰረት እቲ ኣቐዲሙ ክህበሉ ዘለዎ ናይ ምልክታ ግዜ - ኣብ ፈለማ ናይ ስራሕ ዓመት ዘሎ ነፍስወከፍ ወርሒ፡ ሓደ መዓልቲ - ካብቲ ናይ ስራሕ መዓልታቱ ከጉድል መሰል ኣለዎ።
2. ስራሕ ኣብ ዝገደፍክምሉ መዓልቲ ደሞዝኩም ንኽትክፈሉ ንኣስራሒኹም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም፤ ኮይኑ ግን፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ እቲ ስርዓተ-ኣተሓሕዛ ሕሳብ ብኮምፒዩተር ስለዝኾነን ቅድሚ ታሽዓይ መዓልቲ ናይ ነፍስወከፍ ወርሒ ጥራይ ስለዝዳለውን፡ ኣስራሒ፡ ኣብቲ ዝሓተትክሙሉ ግዜ ኣይከፍለኩምን እዩ። ዋላውን ስራሕ እንተገደፍክምዎ፡ ኣስራሒ፡ ቅድሚ 9ይ መዓልቲ ናይ ነፍስወከፍ ወርሒ ንደሞዝኩም ከምዘይከፍል ፍለጡ።

## ብዛዕባ ስራሕን ደሞዝን ዝምልከት ሓበሬታ

ኣብ እስራኤል ዘለው ዳርጋ ኩሎም ሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ብሰዓታት ስለዝኽፈሉ፡ እቲ ኣብዚ ወረቓቕቲ ዘሎ ሓበረታ፡ ብቐንዱ ነቶም ብሰዓት ዝኽፈሉ ሰራሕተኛታት ዝምልከት እዩ። እዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ዝተሓተ ዓቐን ደሞዝ፡ ካብ ነሓሰ 2008 ጀሚሩ ዝተዓራረየ ኮይኑ፡ ብመንግስቲ ኣብ ዝተወሰነሉ ግዜ ድማ ካብ ግዜ ናብ ግዜ (እቲ ዓቐን ገንዘብ፡ ኩሉ ግዜ እናወሰኸ'ዩ ዝኸይድ!) ምምሕያሽ ይግበረሉ።

እቶም ኣብ እስራኤል ዝተቖጽሩ ኩሎም ሰራሕተኛታት (ናይ ስራሕ ቪዛ ዘለዎም ይኹኑ ኣይኹኑ)፡ ነዞም ስዒቦም ዝርከቡ ኩሎም መሰላት ክረኽቡ መሰል ኣለዎም፥

| መሰላት ሰራሕተኛታት (ብሰዓታት ንዝሰርሑ ሰራሕተኛታት) | 12.08 |
|---|---|

Kav LaOved፡ ኣገልግሎት ምኽሪ፣ መምርሕን ደገፍ ኣገልግሎት ሕግን ንሰራሕተኛታት ዝህብ ረብሓ-ዘይብሉ ማሕበር እዩ። ነቶም ኣብ እስራኤል ዝነብሩ ኩሎም እስራኤላውያን ይኹኑ ወጻእተኛተኛታት ሰራሕተኛታት (ናይ ስራሕ ቪዛ ዘለዎም ይኹኑ ኣይኹኑ) ተባሂሉ፡ እዞም ስዒቦም ዘለው መሰላት ኣብ ግብሪ ከምዝውዕሉ ይግበር።

| | |
|---|---|
| እቲ ዝተሓተ መሃያ | ነቶም ናይ ምሉእ-ግዜ ስራሕ ዘለዎም - 3,850 NIS (ኣብ ወርሒ 186 ሰዓታት)፣ ንሰዓት ድማ 20.70 NIS። |
| ግዜ ክፍሊት | መሃያ፡ ድሕሪ 9ይ መዓልቲ ነፍስወከፍ ወርሒ ክኽፈል ኣይግብኣን (ናይ ዝሓለፈ ወርሒ'ዩ) |
| ሕላፍ ሰዓት | ድሕሪ ናይ 8 ሰዓታት ነፍስወከፍ መዓልቲ ዝስራሕ ነፍስወከፍ ሰዓት እዩ። ሕላፍ ሰዓት (ኦቨርታይም)፡ ኣብ ነፍስወከፍ መዓልቲ (ካብ ስራሕ ሰዓታት ናይ ካልእ መዓልታት ኣይጉድልን'ዩ) ንዝተሰርሐ ሰዓት ቅማረ ዝግበረሉ እዩ። ክፍሊት፥ ነተን ናይ መጀመርታ ክልተ ሰዓታት - 125% (25.8 NIS ንሰዓት)፤ ካብተን ናይ መጀመርታ ክልተ ሰዓታት ንድሓር ዝህሉ ሰዓት - 150% (31 NIS ንሰዓት) እዩ። |
| ምምዝጋብ ናይ ስራሕ ሰዓታት | ምስ ኣሰራሒኹም ዘይምስምማዕ ከጋጥም ስለዝኽእል፡ ኣብ ነፍስወከፍ መዓልቲ እትሰርሕዎ ሰዓታት (መጀመርን መወድእን ሰዓታት) ክትምዝግብዎ ኣገዳሲ እዩ። |
| ወጻኢታት መጉዓዝያ | ኣሰራሒኹም፡ ናብን ካብን ስራሕ ንኽትመጹ ንእተጥፍእዎ ወጻኢታት መጉዓዝያ፡ እንተበዝሐ ድማ ክሳብ 21.14 NIS ንመዓልቲ ክመልሰልኩም (ክኽፍለልኩም) ይግባእ። |
| ሰሙናዊ ናይ ዕረፍቲ መዓልቲ | ኣብ ርእሲ'ቲ ብመሰረት እትኽተልዎ ሃይማኖት ዝውሰድ ናይ ዕረፍቲ መዓልቲ፡ ኣብ ሰሙን ናይ 36 ተኸታተልቲ ሰዓታት ዕረፍቲ ክትረኽቡ ይግባእ። ኣብቲ ከተዕርፍሉ ዘለኩም መዓልቲ እንተተሰሪሕኩም፡ ኣብ ርእሲ'ቲ እትረኽብዎ ካልእ ናይ ዕረፍቲ መዓልቲ፡ 150% ናይቲ መዓልታዊ መሃያኹም ክትረኽቡ ይግባእ። |

| | |
|---|---|
| ዓመታዊ ዕረፍቲ | ኣብተን ናይ ፈለማ ኣርባዕተ ናይ ስራሕ ዓመታት፡ ናይ ክልተ ሰሙን ዓመታዊ ዕረፍቲ (ኣብ ርእሲ'ቲ ሰሙናዊ ናይ ዕረፍቲ መዓልቲ) ክትወስዱ መሰል ኣለኩም። ስለዚ፡ ንኣብነት፡ እቲ ሓንሳእ ኣብ ሰሙን ብምስራሕ፡ ኣብ ነፍስወከፍ ግዜ 150 NIS ዝወስድ እንተኾይኑ፡ ዝኽፈሎ ናይ 2 መዓልታት ዓመታዊ ዕረፍቲ (150 x 2 ናይ ዕረፍቲ መዓልታት = 300 NIS) ክወስድ መሰል ኣለዎ። ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመታት ድማ ቁጽሪ መዓልታት ዓመታዊ ዕረፍቲ ይውስኽ። |
| በዓላት | ድሕሪ ናይ ሰለስተ መዓልታት ስራሕ፡ ብመሰረት እትኽተልዎ ሃይማኖት፡ ኣብ ዓመት፡ ክፍሊት ናይ ትሽዓተ መዓልታት በዓላት ክትቅበሉ መሰል ኣለኩም፤ (እዚ ግን እተን መዓልታት እቲአን፡ ኣብቲ ሰሙናዊ እተዕርፍሉ መዓልቲ ምስዘይውዕላ እዩ)። እቲ በዓል ኣብቲ ሰሩዕ ናይ ስራሕ መዓልቲ እንተውዒሉ፡ ብመጠን እቲ እትወስድዎ ደሞዝ ክፍሊት በዓል ክትወስዱ መሰል ኣለኩም። ኣብ በዓል መዓልቲ እንተተቖጺርኩም፡ ብመጠን 150% ናይ መዓልታዊ መሃያኹም ክፍሊት ክትረኽቡ ይግብኣኩም፤ እዚ ድማ ኣብ ርእሲ እቲ ንበዓል ተባሂሉ ዝኽፈለኩም እዩ (ብጠቕላላ ድማ 250% እዩ)። |
| ንመሕወዪ ዝኸውን ክፍሊት | እቲ ንሓደ ምሉእ ዓመት ዝሰርሐ ሰራሕተኛ፡ ብመሰረት እቲ ዝውሃቦ መዓልታዊ መጠን፡ ንመሕወዪ ዝኸውን ናይ 331 NIS ክፍሊት ንኽወስድ መሰል ኣለዎ። ንናይ መጀመርታ ዓመት - ናይ 5 መዓልታት ንመሕወዪ ዝኸውን ክፍሊት፤ ንካልኣይን ሳልሳይን ዓመት - ናይ 6 መዓልታት፡ ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ዓሰርተ ዓመት - ናይ 7 መዓልታት እዩ። ነቶም ናይ ፍርቂ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ እቲ ቅማረ ብመሰረት ደረጃን ዓይነትን ናይቲ ስራሕ ዝግበር እዩ። |
| ቅማረ ደረጃን ዓይነትን ስራሕ | ብዝሒ ሰሙናዊ ናይ ስራሕ ሰዓታት፡ ብ4.3 (ኣብ ወርሒ ዘሎ ብዝሒ ሳምንታት) ይባዛሕ፡ ቀጺሉ ድማ ብ186 (ወርሓዊ ሰዓታት ናይ ምሉእ ግዜ ስራሕ) ይምቀል። |

| | |
|---|---|
| ክፍሊት ሕማም | ስለዝሓመምኩም ዘይትሰርሑ እንተኼንኩም፣ ወረቐት ሓኪም ድማ ንኣስራሒኹም ምስተምጽኡ፣ ኣስራሒኹም፣ ደሞዝኩም ክኸፍለኩም ይኽእል እዩ። ነቲ ዝሓመምኩሙላ ናይ ፈለማ መዓልቲ ኣይትኽፈሉን ኢኹም፤ ንዝሓመምክሙሉ ካልኣይን ሳልሳይን መዓልቲ - 37.5% ናይ መዓልቲ ደሞዝኩም፣ ንዝሓመምክሙሉ ራብዓይ መዓልትን ልዕሊኡን - 75% ናይ መዓልቲ ደሞዝኩም ትኽፈሉ። |
| ክፍሊት ምቁራጽ ስራሕ/ ምፍልላይ (Severance/ Separation pay) | ድሕሪ ናይ ሓደ ዓመት ስራሕ፣ ካብ ስራሕ እንተተሰጕግኩም ወይ ብሰንኪ ክፉእ ኩነታት ስራሕ፣ ብሰንኪ ጥዕናዊ ጸገማት፣ ብሰንኪ ሕርሲ፣ ስራሕኩም ደው እንተድኣ ኢሉ ወይ ድማ ደሞዝኩምን እቲ ዘለኩም ማሕበራዊ መሰላትን እንተደኣ ዘይረኸብኩም፣ ክፍሊት ምቁራጽ ስራሕ ክትክፈሉ ይግባእ። ግዜ ክፍሊት፥ ስራሕ ደው ኣብ ዘበልክሙሉ ግዜ እዩ።<br>እቲ ቀመር ከምዚ ዝስዕብ'ዩ፥ ናይ ሓደ ወርሒ ደሞዝ፣ ብብዝሒ ዓመታት ስራሕ (ትሕቲ ሓደ ዓመት ንዝተሰርሐ ግዜ'ውን ዘጠቓልል) ይባዛሕ። |
| ቅድሚ ምስጓግ/ ምቁራጽ-ስራሕ፣ ምልክታ ምሃብ | ኣስራሒኹምን ንስኹምን፣ ቅድሚ ካብ ስራሕ ምስጓግኩም/ ምቁራጽኩም፣ ናይ ጽሑፍ ምልክታ (ሓበሬታ) ንሓድሕድኩም ክትውሃሃቡ ይግብኣኩም። እቲ ናይ ምልክታ ግዜ፣ ኣብቲ ዝሰራሕክምዎ ንውሓት ግዜ ዝሙርኮስ እዩ፥ ኣብ 1ይ ዓመት - ንነፍስወከፍ ወርሒ፣ ሓንቲ መዓልቲ፤ ኣብ 2ይ ዓመት - ንነፍስወከፍ ወርሒ፣ 14 መዓልታት + ተወሳኺ ፍርቂ መዓልቲ፤ ኣብ 3ይ ዓመት - ንነፍስወከፍ ወርሒ፣ 21 መዓልታት + ተወሳኺ ፍርቂ መዓልቲ፤ ንልዕሊ 3 ዓመታት - ሓደ ወርሒ እዩ። ክፍሊት፥ እቲ ኣቐዲሙ ምልክታ ዘይሀብ ወገን፣ እቲ ክህቦ ዝግባእ ናይ ምልክታ ግዜ ብመሰረት ስሩዕ ደሞዙ ተሓሲቡ፣ ነቲ ካልእ ወገን ከም ካሕሳ ክኸፍል ኣለዎ። |

| | |
|---|---|
| ንትሕቲ ሓደ ዓመት ዝውሃብ መሰላት | ሽሕ እኳ ንሓደ ምሉእ ዓመት ዘሰራሕኩም እንተዘይኮንኩም፣ መሰላት ዓመታዊ ዕረፍትን በዓላትን ክትረኽቡ ብቑዓት ኢኹም (ምስ ብዝሒ ዝሰራሕክምዎ መዓልታት ዝተመጣጠነ ክፍሊት ክትረኽቡ መሰል ክህልወኩም እዩ።) ክፍሊት ምቑራጽ ስራሕን ንመሕወዪ ዝኸውን ክፍሊትን ብዝምልከት፣ ንልዕሊ ሓደ ዓመት ዝሰራሕኩም እንተድኣ ኴንኩም፣ ንገለ ክፋል ናይቲ ዝሰራሕክምዎ ዓመት ንኽትክፈሉ መሰል ኣለኩም። |
| ጥንስን ሕርስን | ንጥንስቲ ሰራሕተኛ ምስጓግ፣ ዘይሕጋዊ እዩ። እንተድኣ ሓሪስኪ፣ ነቲ ኣብ ሆስፒታል ዝጸናሕክዮ ግዜ ከምኡውን ንሕርሲ ተባሂሉ ኣብ ሓደ ግዜ ዝኽፈል ክፍሊትን ንዕረፍቲ ሕርሲ ተባሂሉ ካብ ሃገራዊ መድሕን ዝኽፈል ናይ ሰለስተ ኣዋርሕን ክሽፈነልኪ ይግባእ። ፓስፖርትኽን ኣብ ግዜ ጥንሲ ንዝተገበረልኪ ክትትል ዝገልጽ ሰነዳትን ሒዝኪ ናብ ሆስፒታል ክትመጺ ኣገዳሲ እዩ። |
| መድሕን ጥዕና | ራሒ.ኹም፣ ንዓኹም ዝኸውን መድሕን ጥዕና ክኣትው ይግባእ፤ ኣብ ወርሒ ካብ 106 NIS ዘይበዝሕ ካብ ደሞዝኩም ክጉድል መሰል ኣለዎ። መድሕን ጥዕና ባዕልኹም ክትኣትው ምስትደልዩ ድማ ክትኣትው ትኽእሉ ኢኹም (ኣብዚ እዋን'ዚ ምስ ኩባንያ መድሕን ሃረል፣ 03-7547020 ጥራይ'ዩ ዝግበር)። |
| ኣስሃገራዊ መድሕን | ኣስራሒ፣ ኣብ ሃገራዊ መድሕን፣ መድሕን ክኣትወልኩም ይግባእ። (ኣብ ስራሕ ሓደጋ ስለዘጋጠመኩም ወይ ብሰንኪ ሕርሲ) ኣብ ሆስፒታል ብምኽንያት ክትሕከሙ እንተድኣ ኴንኩም፣ ቅዳሕ ናይ ኣስራሒ.ኹም ቁጽሪ ፋይል ሃገራዊ መድሕን ዘለዎ ቅብሊት ክፍሊት ስለዘድልየኩም ከተምጽኡ ኣገዳሲ እዩ። |

| | |
|---|---|
| ክንክን ሕክምና | ነቲ ኣብ ስራሕ ክለኹም ዘጋጠመኩም ሓደጋን ኣብ ሆስፒታል ኬንካ ዝግበር ሕርስን ብሃገራዊ መድሕን ዝሽፈን እንተዘይኮይኑ፡ እቲ እትረኽብዎ ኩሉ ዓይነት ሕክምና፡ ብናይ ውልቂ መድሕን ጥዕና ዝሽፈን እዩ። ህጹጽ ሓደጋ ምስዘጋጥም፡ ዋላውን መድሕን ጥዕና ወይ ብቑዕ ቪዛ ኣይሃልውኩም፡ ክንክን ሕክምና ኣብ ዝኾነ ሆስፒታል ክትረኽብ ትኽእሉ ኢኹም (ድሒርኩም ግን ክምእትኸፍሉ ክግበር እዩ)። |
| ጾታዊ መጥቃዕቲ | ጾታዊ መጥቃዕቲን ጾታዊ ዓመጽን፡ ብመሰረት ሕጊ እስራኤል ዘይሕጋዊ እዩ። እዚ ድማ ንስጋዊ ርክብ ስለዝተሓሰመት ነታ ሰራሕተኛ ንኽትሰጉግ ምፍርራሀ፣ ነውራም መጥቃዕቲ ምፍጻም ወይ ጾታዊ ኣካል ከምዝቕላዕ ምግባር የጠቓልል። እቲ ዝተዓመጸ ዝኾነ ሰራሕተኛ፡ ንKav LaOved ክውክስ ይኽእል። |

<u>ጥርዓንኩም፡ ብዛዕባ ዘይተኸፍለ ደሞዝ እንተኾይኑ፡</u>

ናብ 050-6240546 ብምድዋል፡ ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮ ንዝሰርሕ ጠበቓ ኣይሪስ ማያን ተወከሱ

ARDC
המרכז לקידום פליטים אפריקאים
African Refugee Development Center

# ኤ.ኣር.ዲ.ሲ

ማእከል ምዕባለ ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት

# ንሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ዝውሃብ ሰብኣዊ ሓገዝ

## ብዛዕባ ማእከል ምዕባለ ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት (ARDC) ዝምልከት ሓበሬታ

ማእከል ምዕባለ ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት፡ ኣብ 2004 ዝተመስረተ ኮይኑ፡ ነቶም ኣብ እስራኤል ጸግዕን ውሕስነትን ክረኽቡ ዝደልዩ ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ንምሕጋዝ፣ ደገፍ ንምሃብን ንምሕያልን ተባሂሉ ዝቖመ ዘይመንግስታዊ ትካል እዩ። ማእከል ምዕባለ ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት፡ ነቲ ዘለዎ ስራሕ፡ ኣብ መንጎ ውልቃዊ ኣገልግሎት ምኽሪ፣ ሰብኣዊ ረድኤት፣ ትምህርትን መደባት ኮማዊ ምዕባለን መቓቒልዎ ይርከብ። ንመሰላት ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን፡ ከምኡውን ሰብኣውን ብቑዕን ፖሊሲ ዑቕባ እስራኤል ንኽህሉን ድማ ዝጣበቕ እዩ።

## ማእከል ምዕባለ ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት፡ ነዚ ስዕቡ ዝርከብ ኣገልግሎታት ይህብ፥

- ውልቃዊ ሓገዝ፥ ምስ መስርሕ ሕቶ ዑቕባ፣ ጥዕና፣ መንበሪ ኣባይቲ፣ ሽቕለት፣ ትምህርቲ፣ ማሕበራውን ስነ-ኣእምሮኣውን ክንክንን ዝተኣሳሰሩ ውልቃዊ ኣገልግሎት ምኽሪ፣ ውከሳን ካልእ ሓገዝን። ንቆልዑ ስደተኛታት፣ ወለደምን ዓበይትን ዝኸውን ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዘኛን እብራይስጥን፣ ተወሳኺ ውልቃዊ ትምህርትን ኣገልግሎት ምኽርን።

- ሰብኣዊ ረድኤት፥ ማእከል ምዕባለ ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት፡ ኣብ ቴል ኣቪቭ ንዝርከቡ ቤተሰባት፣ ደቂኣንስትዮ፣ ሽማግለታትን ዘሰኒ ዘይብሎም ትሕቲ-ዕድመ ቆልዑን መጽለሊ ከምዝረኽቡ ይገብር። መንበሪ ገዛ፣ ሕክምናዊ ክንክንን፣ መግብን ህጹጽ ቀረብን ዝርከቦም ሰብኣዊ ሓገዝ ድማ ንስደተኛታት ይህብ።
- ኮማዊ ምዕባለ፥ ማእከል ምዕባለ ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት፡ ኣብ መሪሕነት፣ ርክብ፣ ኮማዊ ውጥን፣ ፋይናንሳዊ ምሕደራን ጥብቅናን ዘተኩሩ ጉዳያት ኣመልኪቱ ንማሕበረ-ኮማት ስደተኛታት ደገፍ ይህብ።

- ማሕበራዊ መርበብ ርክባትን ወለንታውነትን፥ ማእከል ምዕባለ ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት፡ ብመንገዲ ባህላዊ ምልውዋጥን ፕሮግራም ድልድል ርክባትን ኣቢሉ ኣብን ምስን ሕብረተሰብ እስራኤል ንዝህሉ ምውህሃድ የሳልጥ። እዚ ድማ ኣብ ዝሰፍሐ ማሕበረ-ኮም እስራኤል ዝህሉ ወለንታውነት ስደተኛታት ንምሕያል ዝተዳለወ ፕሮግራም ወለንተኛታት ስደተኛታት ዘጠቓልል እዩ።


<u>ተወከሱና</u>

ARDC - African Refugee Development Center
52 Golomb St. 2nd floor, Tel Aviv
(near the new central buss station)

ተሌፎን፡ 054 638 8633
(እንግሊዝኛ፣ ፈረንሳይኛ)፡ 054 681 6333 (ኣምሓርኛ፣ እንግሊዝኛ)
ፋክስ፡ +972 672 0558
ኢመይል፡ info@ardc-israel.org | www.ardc-israel.org

# ንሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ዝውሃብ ሓበሬታ ከምኡውን ሰብኣውን ስነ-ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ሓገዝ

ኣሳፍ (Assaf)፡ ነቶም ኣብ እስራኤል ዑቕባ ዝረኸቡ ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ጸግዒ ንምሃብ ይሰርሕ። እዚ ትካል'ዚ፡ ነቲ ዘለዎም መሰላት ንምሕያል፡ ከምኡውን ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕግን ሞራላዊ ስርዓትን ድማ ንዘለዎም ወግዓውን ህዝባውን ኩነታት ንምምሕያሽ ዝዓለመ እዩ። ኣሳፍ፡ ንማሕበራዊ፣ ፋይናንሳውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጸገማት በዲሆም ንኽነብሩ፣ ዓቕሚ ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ንኽድንፍዕ፣ ድሕነት ኣብ እስራኤል ናይ ዝነብሩ ስደተኛታት ከምዝህሉ ንኽገብር፣ ከምኡውን ውሕስነትን ሰብኣውነትን ዘለዎ መዕቆቢ ንኽረኽቡ ዝጽዕር እዩ።

ኣሳፍ፡ ኣብ መላእ እስራኤል ንዝርከቡ ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ሓገዝ ይህብ። ቀንዲ ማእከላት ስራሕ (ንጥፈታት)፡ ኣብ ተልኣቪቭ፣ ኤይላት ከምኡውን ኣራድ ይርከባ - ዝልዓለ ጻዕቂ ስደተኛታት ዘለወን ቦታታት ድማ እየን።

<u>ንስደተኛታት ዝውሃብ ንጥፈታት ኣሳፍ፡ ነዚ ዝስዕብ የጠቓልል፥</u>

1. <u>ንውልቀሰባትን ቤተሰባትን ዝውሃብ ሓገዝ</u>
   - ኣብ እስራኤል ኣብ ዝሰፍርሉ ናይ ፈለማ እዋናት ዝውሃብ ሓገዝን ደገፍን
   - ምስ ትካላትን ማሕበራትን ርክብ ንምግባር ምትሕልላፍን ሓገዝ ምሃብን
   - ኣገልግሎታት ሕክምና ንምርካብ ምትሕልላፍን ሓገዝ ምሃብን
   - ስራሕ ንምርካብ ሓገዝ ምሃብ
   - ከከም እድላይነቱ ድማ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሓገዝ ምሃብ
   - ሽምግልና

2. ቀልዑ

- ንቆልዑ ዝውሃብ ደገፍ
- ኣብ ቤት ትምህርቲ ንኽምዝገቡ ንቖልዑ ምትሕልላፍ
- ንቖልዑ ምስናይን ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ድማ ምስ ቤት ትምህርቲ ርክብ ክምዝህሉ ምግባር

3. መንእሰያት

ነቶም ኣብ እስራኤል ዝርከቡ ቤተሰብ ንዘይብሎም መንእሰያት ዝውሃብ ኣፓርትማ ምምሕዳርን ምምዋልን። መንበሪ ገዛ ኣብ ምርካብ ሓገዝ ምሃብ። ናብ ቦታታት ትምህርትን ስራሕን ምትሕልላፍ። ስነ-ኣእምሮኣዊ ደገፍ። ከም ኣድላይነቱ ድማ ወለንተኛታት፡ መሰነይታ ይኾኑ ክምኡውን ሓገዝ ይህቡ።

4. ማሕበረ-ኮማት

ኣብ ምምዕባል ማሕበረ-ኮማት ስደተኛታት ደገፍ ምሃብን ምሕጋዝን ትካላዊ፣ ኮማውን ስነ-ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ኣገባባት (መሳሪሒታት)፡ ነቶም ኣብ ማሕበረ-ኮማት ስደተኛታት ዝርከቡ መራሕቲ ምሃብ

5. ህጹጽ ረድኤት

ነቶም ህጹጽ ዝኾነ ጥዕናዊ ወይ ሰብኣዊ ጸገማት ዘጋጥሞም ውልቀሰባት ወይ ቤተሰባት ሓገዝ ምሃብ።

6. ምድንፋዕ መሰላት

ማሕበራዊ መሰላት ዑቕባ ሓተትትን ስደተኛታትን ንምሕያል፡ ምስ በዓል-ስልጣናት ብምኺን ስራሕ ጥብቅና ምስራሕ
ብመንገዲ ሓገግትን ፈጸምትን በዓል-ስልጣናት ኣቢልካ ንናይ ሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን መሰላት ምክልኻል ምሕያል

ንተወሳኺ ዝርዝር ሓበሬታ ከምኡውን ብዛዕባ እቶም ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሮም ዘለው ነገራት ሓገዝ ንምርካብ፡ ብኽብረትኩም በዚ ዝስዕብ ተወከሱ፥
ኣሳፍ - ንስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ዝኸውን ስነ-ኣእምሮኣዊ ደገፍ ዝህብ ትካል እዩ።
52 Golomb St. 2nd floor, Tel Aviv (ጥቓ ሓድሽ ማእከላይ መደበር ኣውቶቡስ'ዩ)።
ቁ. ተሌፎን፡ 07-22513838፡ | ቁ. ፋክስ፡ 07-22513837፡
ኢ.መይል፡ assafaid@gmail.com, | ዌብሳይት፡ www.assaf.org.il

Mesila
Assistance and Information
Center for Foreign
Workers

Municipality of Tel Aviv - Jaffa
Social Services Administration
Social Services Division - South

# ንሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን
# ዝውሃብ ሓበሬታን ሰብኣዊ ሓገዝን

መሲላ (Mesila) - ማእከል ሓገዝን ሓበሬታን ንወጻእተኛታት ሰራሕተኛታትን ስደተኛታትን - ኣብ ልዕሊኦም ዘሎ ፖሊሲ መንግስቲ ብዘየገድስ፡ ክፋል ናይታ ንድሕነት ኩሎም ተቐማጦኣ እትሕሉ ከተማ፡ ምምሕዳር ቴልኣቪብ እዩ።

ኣድራሻ፥ 3 Rishon Lezion St., Tel Aviv
ተሌፎናት፡ 03-6879727 | 03-6877796
ዝቕበለሉ ሰዓታት፡ ሰኑይ 12:00 - 18:00 | ረቡዕ 14:00 - 19:00

<u>ንስደተኛታት ሓገዝ ዝህብ ንጥፈታት መሲላ</u>

1. ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት (ሰብኣዊ፣ ብሮክራስያዊ ኣሰራርሓ ቤት ጽሕፈት፣ ሕጋዊ) ኣመልኪትካ ውልቃዊ ሓገዝ ምሃብ
2. ኣብ መንጎ ህዝቢ ስደተኛታትን ዝተፈላለዩ ትካላትን በዓል-ስልጣናትን (መንግስታዊ ሓገዝ፣ ጥዕና፣ ትምህርቲ) ስምምዕ ከምዝህሉ ምግባር (ምሽምጋል)
3. ንኩነታት ዑቕባን ቪዛን ዝምልከት መምርሕን ሓገዝን ምሃብ
4. ንዘጋጠመ ዘቤታዊ ዓመጽ ግብረ-መልሲ ምሃብ
5. ነቶም ኣብ ሓደጋ ዘለው ቆልዑን ነቶም ዝተፈልየ ጠለባት ዘለዎም ቆልዑን ረኺብካ ምክንኻን

6. ቆልዑ ኣብ ቅድመ-ትምህርትን ስሩዕ ቤት ትምህርትን ንኽምዝገቡ ሓገዝ ምሃብ
7. ንቆልዑ ብደረጃ ውልቀሰብ ምኽርን ሓገዝን ምሃብ
8. ንቆልዑ ዝኸውን ናይ ምዝንጋዕ መዓልትታትን ንጥፈታትን ከምዝህሉ ምግባር
9. ነቶም መጉዚት ዘይብሎም ቆልዑ ምክንኻን - ብደረጃ ውልቀሰብ ምኽርን ሓገዝን ምሃብ፣ ምስ ሃፖኤል ቴል ኣቪብ (Hapoel Tel Aviv) ብምትሕብባር፡ ጉጅለ ኩዑሶ እግሪ ምርካብ፣ መጽለሊ ዝኸውን ኣማራጺ መንበሪ ገዛ ምርካብ
10. እብራይስጢ (Hebrew Ulpan) ንዓበይቲ - ንጀመርቲ፣ ማእከሎትን ላዕለዎትን - ምምሃር
11. ኣብ ግዜ ምሸት፡ እንግሊዝኛ ንዓበይቲ - ንጀመርቲ፣ ማእከሎትን ላዕለዎትን - ምምሃር
12. ኣብ ጉዳያት ጥዕና፥ መምርሒ ምክልኻልን ሕክምናን፣ ደቂኣንስትዮ ድሕሪ ምሕራሰን ዝኸውን ሓገዝን መምርሕን፣ ብመንገዲ Meuchedet HMO ኣቢልካ ንቆልዑ ኣብ መድሕን ጥዕና ንኽምዝገቡ ሓገዝን ሓበሬታን ምሃብ
13. ኣብ ክንዲ እቶም ትሕቲ ሽዱሽተ ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ፡ ምስቲ ኣብ ጥቓ መሲላ ዝርከብ ክሊኒክ ኣደን ቆልዓን ጥቡቕ ምትሕብባር ከምዝህሉ ምግባር
14. 1ንስደተኛታት ቆልዑ ዝኸውን ክበባት ድሕረ-ትምህርቲ ከምዝቐሙ ምግባር
15. ኣብቲ መጽለሊ ቦታ ኣብ ዝግበሩ ንጥፈታት ሓገዝ ምሃብ
16. ኣብ ምምላእ ወግዓዊ ቅጥዕታት ሓገዝን መምርሕን ምሃብ
17. ምስ መንግስቲ፣ ኮሚቴታት ክነሰት፣ ኣካላት ምምሕዳርን ካልኦት ሰበ-ስልጣናትን ብዝግበር ርክባት - ጥብቅና ፖሊሲ ምክያድ

መሰላት ትምህርቲ ንስደተኛታት ቆልዑ፥
ካብ 3 ክሳብ 16 ዓመት ዝዕድሚኡ ነፍስወከፍ ቆልዓ፡ ቅድመ-ትምህርትን ስሩዕ ቤት ትምህርትን ኣብ ዘጠቓልል ስርዓተ-ትምህርቲ ምምሕዳር ቦታ ንኽረክብ መሰል ኣለዎ። መሲላ፡ ንስኹምን ደቅኹምን ነዚ መሰልʼዚ ንኽትፈልጥዎ ኣብ ምግባር ንኽሕግዘኩም ሕጉስ እዩ።

መሲላ
ማእከል ሓገዝን ሓበሬታን ንወጻእተኛታት ሰራሕተኛታት

ምምሕዳር ቴል ኣቪብ - ጃፋ
ምምሕዳር ማሕበራዊ ኣገልግሎታት
ጠንፈር ማሕበራዊ ኣገልግሎታት - ደቡብ

רופאים לזכויות אדם - ישראל (ע"ר)
أطباء لحقوق ألانسان-إسرائيل
Physicians For Human Rights - Israel

# ሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን፡ ኣብ ዓውዲ ጥዕናን ሕክምናዊ ክንክንን ንዘለዎም መሰላት ዝምልከት ሓበሬታ

ነፍስወከፍ ሰብ፡ ብቑዕ ኣገልግሎታት ጥዕና ንኽረክብ መሰረታዊ መሰል ኣለዎ። PHR-Israel፡ ምስ ትካላት መንግስቲ፣ ኩባንያታት መድሕን፣ ሰራሕተኛታትን ካልኦትን ብምስራሕ፡ ንዘለዎም መሰላት ጥዕና ንኽፈልጡ ንስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ይሕግዝ። እዚ ትካል'ዚ፡ ነቲ ብሃገራዊ ሕጊ መድሕን ጥዕና (National Health Insurance Law) ኣብ እስራኤል ንዝነብሩ ዘለው ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ዘውሃብ ነገራት ከምዝውሰኽ ንምግባር ብቑዕ መፍትሒ ንኽምጽእ ድማ ይሰርሕ።

<u>እቶም ኣብ እስራኤል ዝነብሩ ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን፡ ብመሰረት ሕጊ፡ ዝተፈላለዩ መሰላት ንኽረኽቡ ብቑዓት እዮም። ነቶም ዘለውኹም መሰላት ንኽትረኽቡ ክትሓቱ ኣገዳሲ እዩ፤ ከምኡውን እዞም ዝሰዕቡ ንኽትረኽቡ መሰል ከምዘለኩም ክትፈልጡ ኣገዳሲ እዩ፥</u>

- ብኣሰራሒኹም ዝውደብ ውልቃዊ መድሕን ጥዕና
- ኣብ ስራሕ ንዘጋጥመኩም ሓደጋ ዝከላኸልን ኣብ ግዜ ጥንስን ሕርስን መንግስታዊ ሓገዝ (በነፊት) ዝህብን ብመንገዲ ሃገራዊ ትካል መድሕን ዝውሃብ መድሕን
- ዘይኩነታዊ ሕክምና ህጹጽ ሓደጋ (ኩነታት) ኣብ መላእ እስራኤል ኣብ ዘለዋ ኩለን ሆስፒታል ክትረኽቡ
- ኣብ ግዜ ጥንስን ሕርስን ኣብ ክሊኒካት ኣደን ቆልዓን ዝግበር ኣገልግሎታት ክትትል
- ንደቅኹም ዝኸውን መድሕን ጥዕና
- ዋላውን ዘይትሰርሑ እንተኾንኩም፡ ንመድሕን ጥዕና ብውልቂ ክትገዝኡ መሰል ኣለኩም።

PHR-Israel፡ መሰላትኩም ንምውሓስ፣ ተወሳኺ ዝርዝር ሓበሬታ ንምርካብ፡ ከምኡውን ምስ ጥዕና ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት፡ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ድማ ሕጋዊ ደገፍ ንኽትረኽቡ ምስ በዓል-ስልጣናት ንእትገብርዎ ርክባት ሓገዝ ንምርካብ፡ ንዓና ንኽትውከሱ ይዕድመኩም። ተሌፎን፡ 03-5133103፣ 03-5133104 እዩ።

PHR-Israel፡ ብወለንተኛታት ሓካይም ዝካየድ ናጻ ክሊኒክ ድማ ኣለዎ። እዚ ክሊኒክ፡ ነቶም መድሕን ጥዕና ዘይብሎም ኣብ እስራኤል ዝነብሩ ኩሎም ሰባት ዘገልግል እዩ።

<u>ክሊኒክ ዝኽፈተሉ ሰዓታት፥</u>

ሰንበት፡ ሰሉስ፡ ረቡዕ 17:00 - 20:00 (ቆጸራ ምሓዝ ኣየድልን እዩ)

ሰኑይ - ሓኪም ደቀንስትዮ፥ 17:00 - 20:00 (ብኽብረትኩም ኣቐዲምኩም ቆጸራ ሓዙ)

ዓርቢ - ክሊኒክ ቆልዑ፥ 9:00 - 12:00

<u>ኣድራሻ ክሊኒክ፥</u>

9 Dror St., Tel Aviv - Jaffa

ነዚ ክሊኒክ፡ ተሌፎን ብምድዋል ብቐጥታ ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም፥ 03-5133120

# መወከሲ ሓበሬታ ትካላት ረድኤት

ላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት ንስደተኛታት
ተሌ፡ 03-5167-700

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ቴል ኣቪቭ ዝርከብ ክሊኒክ ሕጋዊ መሰላት ስደተኛታት
ተሌ፡ 03-640-6772/ 03-640-5264

ሆትላይን ሰራሕተኛታት ስደተኛታት
ተሌ፡ 03-5602530

ካቭ ላኦቨድ (Kav LaOved)
ተሌ፡ 03-688-3766

ኤ.ኣር.ዲ.ሲ.. - ማእከል ምዕባለ ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት
ተሌ፡ 054-638-8633 (እንግሊዝኛን ፈረንሳይኛን)
ተሌ፡ 054-681-6333 (እንግሊዝኛን ኣምሓርኛን)

ኣሳፍ፡ - ንስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባ ዝውሃብ ስነ-ኣእምሮኣዊ-ማሕበራዊ ረድኤት
ተሌ፡ 07-22513838

መሲላ፡ ኣብ ተል ኣቪቭ ንዘለው ወጻእተኛታት ዝውሃብ ሓገዝን ሓበሬታን
ተሌ፡ 03-687-9727 / 03-687-7796

ሓካይም ንሰብኣዊ መሰላት
ተሌ፡ 03-5133120

እዚ ሕታም'ዚ፡ ብሆትላይን ሰራሕተኛታት ስደተኛታት ዝተዳለወ ኮይኑ፡ ብላዕለዋይ ተጸዋዒ ሕቡራት ሃገራት ንስደተኛታት ድማ ዝተመወለ እዩ።